*ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ*
*ዞባ ኢውሮጳ*
*ክፍሊ ዜናን ባህልን*

جبهـــة الإنقاذ الوطني الإرتريـــة
إقليم أوروبا
قسم الإعلام والثقافة

***Eritrean National Salvation Front***
***Europe Zone***
***Information and Culture office***

# ልኡኻት ጸጥታዊ ትካል ህ.ግ.ዲ.ፍ ጃምላዊ ማእሰርቲ ኣብ ከተማ ኣስመራ ይፍጽሙ

ብዓርቢ ዕለት 19/12/2008 ኣባላት ጸጥታ ስርዓት ህ.ግ.ዲ.ፍ፡ ኣብ "ማይ ጭሆት" ዝርከብ መስጊድ ከበባ ብምግባር 28 ዝኾኑ ዜጋታት ስግዳኖም ወዲኦም ኣብ ዝወጹሉ ግዜ፡ ጨውዮም ናብ ዘይተፈልጠ ቦታ ከም ዝወሰዱዎም፡ ካብ ከተማ ኣስመራ ብምንጭታት ግ.ሃ.ድ.ኤ ዝታላእከ ሓበሬታ የረጋግጽ። ክሳብ'ዚ ሰዓት'ዚ ድማ ሾነታት ናይ'ቶም ዝተጨውዩ ሰባት ስዉር ከም ዘሎ እቲ ሓበሬታ ደጊሙ ኣብሪሁ።

ጸጥታዊ ትካላት ህ.ግ.ዲ.ፍ ኣብ ዝተፈላለየ ኩርናዓት ሃገርና ኣብያተ ጸሎት ወትሩ ምስ ደፈረን፡ ብዙሓት ምእመናን ብዘይ ክስን ፍርድን ከም ዝዳጐነን ዝፍለጥ ኢዩ። ኣብ ዝሓለፈ ሓምለ 2008፡ ልዕሊ 40 ዝኾነ መራሕቲ ሃይማኖትን ተራ ተኸተልቲ ሃይማኖት እስልምናን ኣብ ዝተፈላለየ ቦታት ከም ዝጨወየ ዝዝከር ኢዩ። እዚ ተግባራት'ዚ ኣብ ሕብረተሰብና ዓሚቑ ቅልውላው ዝፈጥርን፡ ኣብ ዝሓለፈ ታሪኹ ገጢምዎ ዘይፍለጥ ኣሬሜናዊ ተግባር ምዃኑን ዝተረጋገጸ ኢዩ።

ንምዝኽኻር ዝኣክል፣ ኣህጉራዊ ጸብጻባት፡ ስርዓት ህ.ግ.ዲ.ፍ. ኣብ ልዕሊ ናይ እምነታት መሰላትን ነጻነትን ዝፍጽሞ ተግባራት፡ ሓደ ካብ'ቶም ዓበይቲ ግህሰታት ምዃኑ፡ ጠቒሱዎ ምህላዉ ዝተፈልጠ ኢዩ።

ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ - ዞባ ኤውሮጳ
ክፍሊ ዜናን ባህልን
22/12/200